

## ተዘክሮ ቃልሲ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ
## ኣብ ኢሮፓ (ዓዲ ጥልያን)

(ብኣጋጣሚ ናይ በዓል 8 መጋቢት ኣብ ከተማ ከልን ዝቐረበ ግጥሚ)

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ፈረይቲ ጸገይቲ
ኣፍረይቲ ጀጋኑ ሓወልቲ
ሰለስተ ዓመት ኣብ ዝባነን ውላደን ተሓንገጥቲ
ጓል ኤርትራ ጻዕዳ ጽብቕቲ
ከም ኣንበሳ ግርምቲ
ከይ መሃርካያ ምህርቲ
ከይ ሸለምካያ ሽልምቲ
ብመልክዓን ብግብራን ኣብ ዓለም ፍልጥቲ



ቅዱሳን ገ/ሄር (ኣባል ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን)

ንሃገርን ንርስቲን ሓለውቲ
ንናጽነትን ሓርነትን ተቓልሰቲ
ንምዕባለ ኣመንቲ
ንዓለም ተማኀቲ
ንስድራ ቤት ኣለይቲ
ንጀጋኑ ኣሕዋተን መዕጠቕቲ
ዝተወግኡ ኣሕዋተን ሓከምቲ
ድግድጊት ኣብ መዓንጠኤን ተዓጠቕቲ

ዝሓመሙ ባዕላተን ኣለይቲ
ብጸላኢ ዝዓነወ ሓወልቲ ኣሕዋተን መዓረይቲ
ክብራን ክብርቲ ናይ ሃገርና ሓወልቲ
ላዕልን ታሕቲን ይብላ ኣጋይሽ ተቐበልቲ

ናይ 1976 ቦሎኛ ታሪኽ ዓቢ በዓል ናይ ቃልሲ መኽፈቲ
ኤርትራ ጽብቕቲ ግርምቲ
ኣብ ምሉእ ዓለም ብህዝባ ኩርዕቲ
ታሪኽ ደቂ ኣንስትዮ ዓዲ ጥልያን ክንዝክርን
ኣብ ጊዜ ሰብዓታት ክንዝክርን
ንኢታሊ (ነቐላ) ክመጻ ኣብ ነፋሪት ተሰቒለን
ብያቲ ክሓጽባ እንዳ ጥልያን ከርተት ኢለን
ብሃገረን ብህዝበን እንዳ ሓሰባ ልበን ጠልጠል እንዳበለን

ከምዚ ኢለን ይሰናበታ ካብ ህዝበንን ሃገረን
ኪዳ በላ ! ኣገልግላ እለያ ስድራቤትክን ኣሕዋትክን
ኪዳ በላ ! ኣገልግላ ሃገርክን ብጾትክን
ኣነ ክጽበየክን'የ ክትመጻኒ ናጽነት ዓቲርክን
ሓርነት ሒዝክን ምስ ኣሕዋትክን ብሂወትክን

ኣብ ጊዜ ቦሎኛ ኩለን ጨናፍር ዓዲ ጥልያን ተኣኪበን
ሻማ ሻማ ይብልኦ'ቲ ስራሕ ተኻፊለን
ጸብሕን እንጀራን ንክሰርሓ ንበዓለን
ዘሎዋን ዝሓለፋን ክንደይ ኢልና'ሞ ክንዝክረን
ወልድዬ ዮውሃንስ ነበረውን ኣብ ማእከለን

ዓወት ንደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ
ዓወት ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ ኣንስትዮ
ዘለ ኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ

ቅዱሳን ገ/ሄር (ኣባል ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን)

ዕለት 29.03.2008